# መልስታት ንሕቶታት ኣብ ናይ ዛራ ሰላም (ZaraSelam.com)

# ናይ ባህሊ ገጽ

## 1. ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ብዙሕ ባህልታት ዘለዋ ሃገር፡ ዛራ ሰላም ሜድያ ነየኖት ባህላዊ ልምድታት እያ ኣትኩሮ ትህብ ውይ ተዕዝዝ?

*ኤርትራ፡ ብዑደታት ናብታ ሃገር ብምብጻሕ ኮነ ኣብ ከም መርዓታትን፡ ናይ ትምህርቲ መመረቕታትን ሃይማኖታዊ በዓላትን ካልኦት ማሕበረሰባዊ ንጥፈታትን ዝኣመሰሉ ባህላዊ ፍጻመታት ብምዕዛብን ብዘጋጠሞን ብዝረኣዮን ዝኾነ ሰብ ዝማርኽ ሃብታም ልምድታትን ልማዳታን ዘለዋ ህያው ሕብረ-ባህላዊት ሃገር እያ። እዚ ሓባራዊ ቅርሲ'ዚ፡ ነቲ ንሃገርና ዝገልጽ ዝተፈላለየ ባህላዊ ስርዓታትን ልምድታትን ኣብ ምብዓል ኩሎም ኤርትራውያን ዓቢ ሓበን እዩ ክስምዖም ዝግባእ።*

*ንዛራ ሰላም ሜድያ፡ ሓደ ባህሊ ካብቶም ካልኦት ባህልታት ናይ ምሕራይ ወይ ምምራጽ ጉዳይ ኣይኮነን፤ የግዳስ ነቲ ሃብታም ኣብዝሓ-ብሄራዊ ቅርሲ ብምሉኡ ሓንጎፋይ ኢልካ ምሕቋፍን ምኽባርን፡ ከምኡ እውን ኣካሉ ኾንካ ምስታፍን እያ እትኣምን። ነፍሲ ወከፍ ማሕበረ ሰብ እቲ ዝተወልደሉን ዝዓበየሉን ባህሊ ከም ዘኽብር ፍሉጥ ስለ ዝኾነ ኣብ ምርጫ ኣቲኻ ነቲ ሓደ ኣድሚቕካ ነታ ሓደ ኢንታ ከተውጽእ ቅኑዕ ኣይኮነን። ሓደ ማሕበረ ሰብ ነቲ ናይ ካልኦት ባህልታት ምኽባር እዩ ናብ ሰላም ዘምርሕን ዘብጽሕን። በዚ መንፈስ እዚ፡ ዛራ ሰላም ሜድያ ንሓደ ባህሊ ካብ ካልኦት ኣየቐድምን ወይ ኣየዳሉን፣ ፍሉይ ኣትኩሮ እውን ኣይህብን፡ ወይ እውን ኣብ ክንዲ ካልእ ኣይጣበቕን እዩ። ንኹሎም ኤርትራውያን ባህልታትን ልምድታትን ማዕረ ኣኽብሮት ምሃብ፡ ሰላማውን ኣዎንታውን ብሓደ ምንባር ኣብነት እዩ ንብል፣ ከምኡ እውን ሓቀኛ ምድግጋፍ ክህሉ ንጽውዕ።*

*ብመትከል፡ መንግስታዊ ፖሊሲታት፡ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ናይ ዜና ሜድያታትን ማሕበራዊ ሰባዊ ሜድያታት ኣብ ሞንጎ ኤርትራዊ ባህልታት ኣብ ምውድዳርን ወይ ኣድልዎ ኣብ ምግባርን ክነጥፉ የብሎምን፤ ምኽንያቱ እዚ ንሓድነት ኤርትራውያን ስለ ዘዳኽም ወይ ዘማህምን። ዛራ ሰላም ሜድያ ነዚ መትከል እዚ ብጽንዓት ትሰዕቦ፣ ነቲ መሰረታዊ ናይ ዲሞክራሲ መትከል ኣብ ግብሪ ብምውዓል፦ ነፍሲ ወከፍ ሰብን ማሕበረሰብን ብባህሉን ልማዱን ክነብርን ነጻ ክኸውንን ከም ዘለዎን፡ ዝኾነ ካልእ ኣካል ባህላዊ መንነቱ ብኸመይ ክገልጽ ከም ዘለዎ ክውስነሉ ከም ዘይብሉን ይኣምን።*

## 2. ናይ ከበሳ ክርስትያን ከበሳ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም መስረቲ ዛራ ሰላም ሚድያ፡ ብኸመይ እዮም ንኻልኦት ኤርትራዊ ባህልታት ብብቕዓት ከንጸባርቑን ከኽብሩን ዝኽእሉ?

ዛራ ሰላም ሚድያ፡ ነቲ ሓደ ሰብ ንሓደ ባህሊ ንምኽባር፡ ንምእማን፡ ንምድማቕን፡ ንምምዕባልን ናይ ግድነት ድሕሪ ባይትኡ ካብታ እታ ባህሊ እቲኣ ክኸውን ወይ ኣብቲ ባህሊ ዝዓበየ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይትቕበሎን ትነጽጎን። ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ ሓቀኛ ኣኽብሮታዊ ኣድናቖት ወይ ምትብባዕ ማለት ንኻልኦት ባህልታት ከም ዘለዎ ምቕባልን፣ ምሉእ ብምሉእ ምኽባር ብተግባር ምርኣይን፣ ከምኡ እውን ምንእኣስን ነቐፌታን ዘይምርኣይ እዩ። ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብዚ መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ መትከል ባህልኻ ምንጽብራቕን፣ ሓሳብካ ምግላጽን፣ ከይተሰከፍካ ምንባርን ነጻነት ብመትከል ትኣምን።

መስረቲ ዛራ ሰላም ሚድያ በቲ ከበሳዊ ክርስትያን መበቆሎምን ድሕሪ ባይቶኦምን ዝሕበኑ እኳ እንተ ኾኑ፡ እቲ ንነጻነት ኤርትራ ዲሞክራሰያዊ መሰል ህዝባን ንራኢ ሰዉኣታ ክሕለቑ ዘሕለፍዎ ምሉእ ህይወቶም ቃልስን ንጽቡቕ መጻኢ ምሉእ ማሕበረሰብ ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ኣድልዎ ዘርእይዎ ጽንዓትን ስራሕን፡ ንኹሎም ባህልታት ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ወገናውነት ከንጸባርቑ ብቕዓት ይህቦም እዩ። ብዝሑነትና ሓይልና እዩ ኣብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣሎና፤ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ንማዕርነት ብዝያዳ ብዝተወፈና መጠን፡ ከም ህዝቢ ዝያዳ ዝሓበርናን ዝሰጠምናን ዝሓየልናን ንኸውን። ንራኢ ሰማእታትና ከነተግብርን ናይ ሕጂ መንእሰያትና ናብራ ከነመሓይሽ ንናይ መጻኢ ወለዶ ከነጣጥሕን ዝሓሸ ተኽእሎ ክህልወና ይኽእል ኢልና ንኣምን።

ናይ መጻኢ ናይ ቦርድ ኣባላትናን፣ ብመን ሕራይ ዝሳተፉ ወለንተኛታትን፣ ኣማኸርትን ኣበርክቶ ዝገብሩ ሰባትን ነቲ ምሉእ ሓቀኛ ሕብረ-ባህላዊ ኤርትራ ከንጸባርቑ ንጽበ። እንተኾነ ግን፡ ዛራ ሰላም ሚድያ ንሓደ ባህሊ ከምቲ ኣብኡ ተወሊዱ ዝዓበየ ሰብ ገይሩ ክወክሎ ኢላ ኣይትመጣጣርን እያ። መስረቲ ብዛዕባቲ ኣብኡ ዝዓበይሉ ባህላዊ ሃዋህው ጥራይ እዮም ብቐጥታ ተሞክሮኦም ክዛረቡ ዝኽእሉ—እዚ እውን እንተ ኾነ ኩሉ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ልምድታት ኣብ ዝተፈላልዩ ዓድታትን ወረዳታትን ኣውራጃታትን ከበሳ እውን እንተኾነ ቁሩብ ፍልልያት ስለ ዘለዎ እዩ። ኣብ መወዳእታኡን፡ ኣብ መጨረሽታኡን እቲ ዝዓበየ ኣገዳስነት ዘለዎ ነገር ንኹሉ ባህላዊ ጉዳያት ብፍትሓውን ብሓቅነትን ብምሉእ ቅንዕናን ናይ ምቕራብን ምንጽብራቕን እዩ ትግሃት እዩ።  ነዚ ንምትግባር ድማ ካብኡ ዝተወለድካን ኣብኡ ዝዓበኻን ክትከውን ናይ ግድን ኣይኮነን።

## 3. ኤርትራዊ ባህሊ ሰፊሕን ዝተፈላለየን እዩ — ዛራ ሰላም ሚድያ ኣበየኖት ናይ ባህሊ ጎንታት ወይ ሸነኻት እያ እተተኩር?

ዛራ ሰላም ሚድያ ንሓደ ፍሉይ ባህሊ ኣብ ምድማቕን፡ ምጣባቕን ወይ ቀዳምነት ኣብ ምሃብን ኣይተተኩርን እያ—ኣብ መጻኢ እውን መደብ የብላን ። ኣትኩሮ ዕላማና ንፍሉይ ባህላዊ መደባት ዝኸውን ናይ ባህሊ ምርኢትን መደብን ወይ ናይ ሚድያ መድረኽ ምኳን ኣይኮነን።

የግዳስ፡ ስራሕ ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብቲ ዝዓበየ መትከልና ዝተመስረተ እዩ፦ ንሱ ድማ ሰላም ምምዕባል እዩ። እዚ ሰላም እዚ ኣብ ናይ መዓልታዊ ናብራ ብሓባራዊ ምትሕግጋዝ፡ ምርዳእን፡ ኣኽብሮትን ሕያውነትን ንናይ ኩሎም ኤርትራውያን ባህልታት ኣብ መዓልታዊ ናብራ ኣኽብሮት ምርኣይን ብተግባር ምንጸባርቑን እዩ። እቲ ቀንዲ ናይ ሰላም መትከልና ንሓደ ባህሊ እንተ ኣዳሊና ክዕወት ኣይክእልን እዩ፤ ምኽንያቱ እንዳ መረጽካ ምድላው ነቲ ናይ ሰላም መሰረት ንሓድነት ስለ ዘዳኽሞ፣ ሓድነቱ ዝማህመነን ዝተዳኸመን ሕብረተ ሰብ ከኣ ፍቕርን ሰላምን ከማዕብል ኣይክእልን እዩ።

ንኣንበብትናን ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራን ንሓደ ሰብ ብዓሌታዊ መበቆሉ፡ ቦታኡ፡ ብሄሩ ወይ ባህላዊ መዕብይኡ ዘይኮነስ፡ ብእምነቱን፡ ባህሪኡን ግብሩን ጥራይ ክመዝኑዎ ንጽውዕ። ንሓደ ሰብ ብናይ ዞባ ወይ ብሄር መስመር ምፍራድ ካብ ናይ ሕድሕድና ናይ ምምሃር ዕድል ይኸልኣና ወይ ይኾልፈና -ንሃገራዊ ሓድነትና ድማ ኣዝዩ ይጎድኦን ይሃስዮን። ኣብ ክንድኡስ፡ ኣብ ናይቲ ሰብ ኣረኣእያ፡ ኣቀራረባን ልዕሊ ኩሉ ድማ ግብሩን ከነተኩር ንሕረ ወይ ንምረጽ ንብል።

## 4. ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ኣብዝሓ ባህላዊት ሃገር ብሓቂ ብዛዕባ ባህሊ ክትሰርሕ ትኽእልዶ?

ዛራ ሰላም ሚድያ ኣብ ውርሻ ዝተሞርኮሰ ባህላዊ ምዕቃብ ወይ ምምዕባል ብናይ መዘናግዒ ወይ ታሪኻዊ መጽናዕቲ መዳይ ኣይተተኩርን እያ፤ ምኽንያቱ እዚ ካብቲ ቀንዲ መትከልና ናይ ሰላም ምምዕባል ወጻኢ ስለ ዝኾነ። ንሓባራዊ ቅርስና ኩሉ ግዜ ክንሕበነሉን ክንጣበቐሉን ኢና፤ ምኽንያቱ እዚ ኤርትራውያን ብምኻንና እንሕበነሉ ኣገዳሲ ክፋል መንነትና ስለ ዝኾነ። ዛራ ሰላም ሚድያ ኩሉ ግዜ ንኹሎም ኤርትራውያን ኣብ ባህልታቶም ሓበን ክህልዎም ክትጣበቕ እያ፤ ምኽንያቱ ባህላዊ ሓበን ናይ ሃገራዊ መንነትና ኣገዳሲ ክፍሊ እዩ። ከምኡ እውን ነቶም ሓቀኛእ ናይ ኤርትራ ህዝቢ ቅርሲ ዘንጸባርቑ ሓባራዊ ክብርታትና ካብቲ ናይ ሰላም ዕላማናን መትከልናን ንጥፈታትን ብዘይወጽእን ብዝይሃስን ኣገባብ ብቐጻሊ ክትገልጾምን ከተቕርብሞን እያ።

እንተኾነ ግን፡ ናይ ዛራ ሰላም ሚድያ ዋና ኣተኩሮን ማእከላይ መትከልን ሰላም ኮይኑ ይቐጽል። እዚ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ድማ ኩሎም ባህላዊ ማሕበረሰባት ብሓባራዊ ኣኽብሮት፡ ማዕርነትን ብናይ ምተሓጋጋዝ መንፈስ ብሓደ ክሰርሑ ብምብርታዕ ጥራይ እዩ። ናይ ኤርትራ ዝተፈላለየ ባህላዊ መንነት ክፍራሕ ወይ ክግደፍ የብሉን፤ የግዳስ ከም መሰረት ናይ ሓድነትን፡ ነጻነትን ዝሓሸን ዝበለጸን ናብራ ንኹሉ ማሕበረ ሰብ ክጥቀመሉን ኣለዎ። ስለዚ፡ ነዚ ምሉእ ብምሉእ ክንሓቕፎን ንሰላምን፡ ሓድነትን፡ ነጻነትን ዝበለጸ መጻኢን ንኹሎም ኤርትራውያን ክዉን ንምግባር ክንጥቀመሉን ኣሎና። ነቲ ናይ ሕድሕድ ባህልን ኣቀራርብን እንተዘይኣኽቢርናዮን ከም ዘለዎ እንተ ዘይተቐብሊናዮን ጽን ኢልና ክንሰማማዕ ኣይንክንክእልን ኢና። እዛ ጽን ኢልካ ምስምማዕ ድማ እምነት መሰረት ናይ ሓባር ልዝብን ምይይትን ምኳና ኣቐዲምናዮ ርኢናዮ ኢና። ብሰላማዊ ኣገባብን ምኽብባርን ምልዛብ እንተ ዘይሃልዩ ድማ ሓበራዊ መፍትሕን ምዕብልናን ክትግበር ኣይክእልን እዩ። ምንዕዓቅን ምንእኣስን ድማ ምፍንጫልን ድማ ድኻም እንበርይ ሓይሊ ኣይህብን። ሓባራዊ ሓይሊ ዘይብሉ ለውጥን ምዕብልናን ከምጽእ ኣይካልን። ስለ ዝኾነ ድማ ኩሉ ግዜ ንሰላም ዘማዕብሉ ኣቀራርባን ኣገባብን ክንመርጽ ነተባብዕ።